| | Tigrinya |
|---|---|
| I am in one of the listed groups above, why do I have to wait? | ኣነ ሓደ ካብዞም ኣብ ላዕሊ እተጠቕሱ ጉጅለታት እዬ፣ንምንታይ ኢዬ ክጽበ ዘለኒ? |
| | |
| The COVID-19 vaccines will become available as they are approved for use and as each batch is manufactured. | ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ኣብ ጠቕሚ ንክውእል ኣብ ዝተፈቐደሉ እዋንን ነፍስወከፍ ጥምሮ ኣብ ዝተመረተሉ እዋን ድሉው ክኸውን ኢዩ። |
| So every dose is needed to protect those at highest risk. You will be called in as soon as there is enough vaccine available. | ስለዚ ኩሉ ኣቑን ነቶም ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ንዘለዉ ንምክልኻል ኣድላዪ ኢዩ። እኹል ዝኾነ ክታበት ድሉው ኣብ ዝኾነሉ እዋን ቀልጢፍና ክንጽውኣኩም ኢና። |
| Some people who are housebound or live in a care home and who can't get to a local vaccination centre may have to wait for supply of the right type of vaccine.<br>This is because only some vaccines can be transported between people's homes. | ካብ ገዛ ክወጽኡ ዘይኽእሉ ሰባት ወይ ከኣ ኣብ መናበዪ ኣረጋውያን ዝነብሩን ናብ ክታበት ማዕከል ክኸዱ ዘይኽእሉ ሰባት፣ እቲ ትኽክለኛ ዓይነት ክታበት ድሉው ክሳብ ዝኸውን ምናልባሽ ክጽበዩ  ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል።<br>እዚ ከኣ ናብ ገዛ ሰብ ክውሰድ ዝኽእል ክታበት ፍሉይ ዓይነት ጥራይ ስለ ዝኾነ  ኢዩ። |
| | |
| Where can I get my COVID-19 vaccination? | ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ኣበይ ክወሃበኒ ይኽእል? |
| | |
| Vaccines will be offered in a range of settings. Some vaccination teams will visit people to offer the vaccine, for example  in care homes, other people may have to go to the nearest centre. Because some of the vaccine has to be stored in a very low temperature freezer, you may not be able to get the vaccine in your normal GP surgery. | ክታበት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ክዋሃብ ይኽእል። ሓደ ሓደ  ጉጅለታት ናብ ዘለዉዎ ቦታ ከከይዶም ክህቡዎም ይኽእሉ ንኣብነት ኣብ መናበዪ ኣረጋውያን ዝነብሩ፣ ካልኦት ሰባት ኣብ ጥቕኦም ናብ ዝርከብ ማዕከል ክኸዱ ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል። ሓደ ሓደ ዓይነት ክታበት ኣዚዩ ዝሑል ኣብ ዝኾነ  መኽዘን ክቕመጥ ስለዘለዎ፣ ክታበት ምናልባሽ ኣብ ጂፒኹም ኣይወሃበኩምን ይኸውን። |
| | |
| What if the centre I am offered is not easy to get to? | ናብቲ ንክኸይድ ዝተነገረኒ ማዕከል ብቀሊል ክኸይድ እንተደኣ ዘይኽእል ኮይነ' ኸ? |
| | |
| Please try to attend the vaccination centre you are offered. If you cannot attend that centre you may have to wait to get the vaccine in a more convenient location. | ብኽብረትኩም ናብቲ ክታበት ንክትወስዱ ዝተጸዋእኹምሉ ቦታ ንክትከዱ ፈትኑ። ንክትከዱ እንተደኣ ዘይትኽእሉ ኾይንኩም ኣብ ዝጥእመኩም ቦታ ክታበት ዝዋሃበሉ እድል ክሳብ ዝመጽእ ክትጽበዩ ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል። |
| | |
| Can I pay for a COVID-19 vaccine | ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ብውልቀይ ወይ ኣብ |

| | |
|---|---|
| privately or at a pharmacy? | ፋርማሲ ክኽፍል ይኽእል’ ዶ? |
| | |
| No, the COVID-19 vaccination is only available through the health service to eligible groups and it is a free vaccination. | ኣይፋል፣ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ብናጻ ዝዋሃብን ብናይ ጥዕና ኣገልግሎት ፈቓድ ዘለዎም ጉጅለታት ጥራይ ዝዋሃብ ኢዩ። |
| | |
| Please read the product information leaflet for more details on your vaccine, including possible side effects, by searching Coronavirus Yellow Card.<br>You can also report suspected side effects on the same website or by downloading the Yellow Card app.<br>coronavirus-yellowcard.mhra.gov.uk | ብዛዕባ እቲ ክታበት ተወሳኺ ሓበሬታ፣ ብዛዕባ ዘይድለ ሳዕቤን’ ውን ዘጠቓልል ንክትረኽቡ፣ ብኽብረትኩም ናብቲ ናይ ፍርያት ወረቐት ሓበሬታ፣ ኮሮናቫይረስ የሎ ካርድ ኢልኩም ብምድላይ ተወከሱ።<br>ከምኡውን ከኣ ዘይድለ ሳዕቤን ርኢየ ኢልኩም እንተደኣ ጠርጢርኩም፣ ናብቲ መርበብ ሓበሬታ ብምኻድ ወይ ከኣ ነቲ የሎ ካርድ ኣፕ ብምውራድ ክተፍልጡና ትኽእሉ።<br><br>coronavirus-yellowcard.mhra.gov.uk |
| | |
| Vaccination, helping to protect those most vulnerable. | ክታበት፣ ነቶም ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ንዘለዉ ምክልኻል። |
| If you need more information on the COVID-19 vaccination please visit:<br>www.nidirect.gov.uk/covid-vaccine | ብዛዕባ ኮቪድ-19 ክታበት ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደኣ ደሊኹም ናብዚ ዝስዕብ መርበብ ሃበሬታ ተወከሱ፡<br>www.nidirect.gov.uk/covid-vaccine |
| | |
| COVID-19 vaccination | ናይ ኮቪድ-19 ክታበት |
| Why do I have to wait? | ንምንታይ ኢዬ ክጽበ ዘለኒ? |
| Information about COVID-19 vaccination supplies | ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ፍርያት |
| COVID-19 immunisation<br>Protect yourself | ናይ ኮቪድ-19 ክታበት<br>ገዛእ ርእስኻ ተከላኸል |
| | |
| People most at risk from the complications of COVID-19 are being offered the vaccine first. | ኮቪድ-19 ብከቢድ ከጥቅኦም ነቶም ዝኽእል ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ንዘለዉ ክታበት መጀመርታ ክዋሃቦም ኢዩ። |
| | |
| In Northern Ireland, the COVID-19 vaccines in use require two doses to provide longer lasting protection. They have been shown to be effective in clinical trials and have a good safety record. | ኣብ ኖርዘርን ኣየርላንድ፣ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ንነዊህ ግዜ ምክልኻል ከም ዘለዎ ንምርግጋጽ ክልተ ኣቕን ኢዩ  ዘድሊ። እዚ ከኣ ብክሊኒካዊ ፈተነ ክግበር ኮሎ ውሕስነት ከም ዘለዎ ስለ ዝተረጋገጸ  ኢዩ። |
| An independent group of experts has recommended that these vaccines are | ብርእሶም ዝማሓደሩ ጉጅለ ክኢላታት፣ እዚ ክታበት ኮቪድ-19 ብከቢድ ከጥቅኦም ነቶም |

| | |
|---|---|
| offered first to those at highest risk of catching the disease and of suffering serious complications or dying from COVID-19. This includes older adults in care homes and frontline health and social care workers. | ዝኽእል ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ንዘለዉ፣ ብሰንኪ እቲ ሕማም ከቢድ ህልኽላኽ ወይውን ሞት ክስእበሎም ንዝኽእሉ ክታበት መጀመርታ ክዋሃቦም ከምዘለዎም ምዕዶ ሂቦም። እዚ ዘጠቓልል ኣብ መናበዪ ኣረጋውያን ዝነብሩ ኣረግቶትን ናይ ሕክምና ክኢላታትን ሶሻል ወርከራት ኢዩ። |
| When more vaccine becomes available, the vaccines will be offered to other people at risk as soon as possible. | ዚያዳ ክታበት ኣብ ዝህልወሉ ግዜ ነቶም ካልኦት ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ንዘለዉ ኣብ ዝቀልጠፈ እዋን ክታበት ክዋሃቦም ኢዩ። |
| | |
| You should have the vaccine when it is offered if you are: | ካብ እዚእን ዝስዕቡ ሓደ እንተደኣ ኾይንኩም፣ እቲ ክታበት ክውሃበኩም ኮሎ ክትወስዱ ይግባእ፡ |
| living in a care home for older adults | ኣብ መናበዪ ኣረጋውያን ትነብሩ እንተኾንኩም |
| working in a care home for older adults | ኣብ መናበዪ ኣረጋውያን ትሰርሑ እንተኾንኩም |
| a frontline health and social care worker | ሕክምና ክኢላን ሶሻል ወርከር እንተኾንኩም |
| | |
| Then the vaccine will also be offered in age order to: | ከምኡውን ከኣ እቲ ክታበት ብዕድመ ቅድመተከተል ነዚኦም ዝስዕቡ ክዋሃብ ኢዩ፡ |
| • those aged 80 years and over | • ዕድሚኦም 80 ን ልዕሊኡ ንዝኾኑ |
| • those aged 75 years and over | • ዕድሚኦም 75 ን ልዕሊኡ ንዝኾኑ |
| • those aged 70 years and over | • ዕድሚኦም 70 ን ልዕሊኡ ንዝኾኑ |
| • adults who are clinically extremely vulnerable (shielding) | • ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም ንዘለዎም ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ዘለዉ (ተዓቂቦም ዘለዉ) ዓበይቲ ሰባት |
| • those aged 65 years and over | • ዕድሚኦም 65 ን ልዕሊኡ ንዝኾኑ |
| • adults aged under 65 years with long-term clinical conditions (see list). | • ዕድሚኦም ትሕቲ 65 ንዝኾኑን ናይ ነዊሕ ግዜ ጥዕና ጸገም ንዘለዎም (ነቲ ዝርዝር ተወከሱ) |
| Those aged 50-64 will be offered it later. | ዕድሚኦም 50-64 ንዝኾኑ ክታበት ድህሪኡ ኢዮም ዝዋሃቡ |
| | |
| Please wait your turn. If you are not in the groups above, you will have to wait for a COVID-19 vaccination until more supplies are available. | ብኽብረትኩም ታራኹም ተጸበዩ። ኣብ ላዕሊ ካብቶም ዝተጠቕሱ ጉጅለ እንተደኣ ዘይኾንኩም፣ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ክሳብ ዝዳለው ክትጽበዩ ኣለኩም። |
| When more vaccine becomes available we will be offering it to more groups of the population. | ዚያዳ ክታበት ድሉው ኣብ ዝኾነሉ እዋን ነቶም ካልኦት ማሕበረሰብ ክንህብ ኢና። |
| | |
| Long-term clinical conditions list: | ናይ ነዊሕ ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም ዝርዝር፡ |
| | |

| | |
|---|---|
| • a blood cancer (such as leukaemia, lymphoma or myeloma) | • መንሽሮ ናይ ደም (ከም ልኩሚያ፣ ሊምፎማ ወይ ሚይሎኖማ) |
| • diabetes | • ሽኮሪያ |
| • dementia | • ዲመንሽ (ሕማም ናይ ምርሳእ) |
| • a heart problem | • ጸገም ናይ ልቢ |
| • a chest complaint or breathing difficulties, including bronchitis, emphysema or severe asthma | • ጸገም ናይ ኣፍ ልቢ ወይ ምስትንፋስ፣ ብሮንካይቲስን ኤምፊሴማ ወይ ከቢድ ኣስማ ዘጠቓልል |
| • a kidney disease | • ሕማም ኩሊት |
| • a liver disease | • ሕማም ጸላም ከብዲ |
| • lowered immunity due to disease or treatment (such as HIV infection, steroid medication, chemotherapy or radiotherapy) | • ብሰንኪ ሕማም ወይ ሕክምና፣ ሕማም ናይ ምክልኻል ተኽእሎ ዝተሓተ ምስ ዝኸውን (ከም HIV፣ ስተሮይድ መድሃኒት፣ ኪሞቴራፒ ወይ ሬድዮቴራፒ) |
| • rheumatoid arthritis, lupus or psoriasis | • ሩማቶይድ ኣርቲራይቲስ፣ ሉፐስ ወይ ሶሪያሲስ |
| • have had an organ transplant | • ናይ ብልዕቲ ምዝውዋር እንተደኣ ተገይሩልኩም |
| • had a stroke or a transient ischaemic attack (TIA) | • መውቃዕቲ ወይ ናይ ግዚያዊ መውቃዕቲ (TIA) |
| • a neurological or muscle wasting condition | • ስነ መትኖኣዊ ወይ ናይ ጭዋዳታት ምድካም ሕማም |
| • a severe or profound learning disability | • ከቢድ ዝኾነ ትምሕርቲ ናይ ምምሓር ስንክልና |
| • a problem with your spleen, eg sickle cell disease, or you have had your spleen removed | • ጸገም ናይ ሽንፍላ፣ ንዓብነት ማዕጺዳይ ዋህዮ ዝበሃል ሕማም ናይ ቀይሕ ናይ ደም ዋህዮ ወይ ከኣ ሽንፍላ ወጺኡልኩም እንተ ኾይኑ |
| • being seriously overweight (BMI of 40 and above) | • ከቢድ ርጉዲ (BMI – ክብደት ሰብ ምስ ቁመት ክነጻጸር ከሎ፣ 40 ወይ ልዕሊኡ) |
| • severe mental illness. | • ከቢድ ስነ ኣዕምሮኣዊ ሕማም |
| | |
| At the same time the vaccine will also be offered to: | ከምኡውን ከኣ እቲ ክታበት ነዚኦም ዝስዕቡ ክዋሃብ ኢዩ፡ |
| • adults who provide regular care for an elderly or disabled person | • ንኣረጋውያን ወይ ስንኩላን ወትሮኣዊ ሓገዝ ንዝህቡ ዕድሚኦም እኹል ዝኾኑ ሰባት |
| • younger adults in long-stay nursing and residential settings | • ኣብ ናይ ሕክምና ክንክን ዝዋሃበሉ መንበሪ ዝሰርሑ መንእሰያትን ልዕሊኡ ዝኾኑ |